# ንድምፂ እግዚአብሔር ሰሚዕካ ምኽአል።

## ሎሚ ድምፁ እንተ ሰማዕኩም፥ልብኹም አይተትርሩ (መዝ. 95፡8)

## ንባባት፡ ዕብ 3፡7-14፥መዝ. 95፡7-11፥ ማር 1፡40-45።

ካብ መጀመርያ ፍጥረት እግዚአብሔር ክጽውዕ ክዛረብ ኢና እንርኢ። ንቀዳሞት ወለዲ “ካብ ፍረ እቲ አብ ገነት ዘሎ ኦም ኵሉ ብላዕ ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብአ ዘበለዕካላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ እሞ ካብአ አይትብላዕ (ዘፍ 2፡16-17) እናበለ ነቲ ዝበሎ ክሰምዕ ነጊርዎ፥ አዳም ግን ዝተባህሎ  ክሰምዕ አይደለየን ሳዕቡ ኸአ ርእይዎ። ንዝተባህለካ ሓቀኛ ነገር ክትሰምዕ ዘይምኽአል ሳዕቡ ካብ ቀዳሞት ወለዲ ኢና እንምሃሮ። ንፈጣሪኻ ክትሰምዕ ዘይምድላይ አብዘይተደለን ዘይተጸበናዮን ጸገም አውሪድና በዚ ኸአ አብዚ ዓለም ክንሕጎስ ጻዕሪ አድልዩና።

ቅዱስ መጽሓፍ ብምልኡ ንእግዚአብሔር ክንሰምዕ ከምዘሎና እዩ ዝነግር። አበው ነብያት ንእግዚአብሔ ክሰምዑ ዓው ኢሎም ይነግሩ ነሮም። “ስማዕ እስራኤል” ዝብል ሓሳብ አብ ኩሉ የዘውትርዎ ነሮም። ሰብ ራህዋ ሰላም ዝረክብ ንእግዚአብሔር ክሰምዕ እንከሎ እዩ። አብ ሓዲስ ኪዳን ኢየሱስ ባዕሉ አነጺሩ ቃሉ ክሰምዑ ይነግር ነሩ። ቃላይ ዝሰምዕ ሕይወት ዘለዓለም አለዎ እናበለ ፍረ ምስማዕ ቃል አምላክ ወሳኒ አብ ድሕነት ነፍሲወከፍና ከምዝኾነ አነጺሩ ነጊሩና።  ንኢየሱስ እንተ ሰማዕና ቃሉ ነጻ ከም ዘውጽአና ይነግረና።  ንዝሰምዕዎ ዝነበሩ አይሁድ “ቃለይ እንተ አጽናዕኩም ብሓቂ ደቂ መዛሙርተይ ኢኹም። ንሓቂ ክትፈልጥዋ ኢኹም እታ ሓቂ ድማ ሓራ ክተውጽአኩም እያ ኢልዎም” (ዮሓ 8፡ 31-32)።

ንቃል አምላኽ ዝሰምዕ አብ ብሉይ ወይ ሓዲስ ኪዳን ከም እንረኽቦ ኩሉ ጊዜ አብ ሰላምን ርግአትን ከም ዝነብር ንርኢ። ደቂ እስራኤል አብ ታሪኾም ንአምላኽ ክሰምዑ እንከለዉ ኩሉ ከም ዝደለይዎ ንጸላእቶም ከይተረፈ ይስዕሩን ይቆጻጸሩን ነሮም ምስማዕ ምስ አበዩ ግን ስደት ምርኮ ጥመትን መከራን ይበዝሖም ነሩ። ነብያት ነዚ አትሪሮም ይነግሩ ነሮም። ምስማዕ ንዝአበዩ ሰብ ተረርቲ ልቢ፥ ጸማማት አእዛን፥ እናበለ ይገልጾም።

ሎሚ ድምፁ እንተ. . . . ነዘን ቃላት ደጋጊምና እንተ አንበብናየን ክበደንን ዓሚቕ ትርጉምን አብ ውሽጥና አትዩ ዓቢ ተሓድሶን ለውጥን ከምጽአልና ይክአል። ሎሚ እታ መዓልቲ ወይ ዕለት እንተ ኾነትከ? ሎሚ ድምፂ እግዚአብሔር እንተ ሰማዕኩኸ ከመይ ዝበለ ለውጢ አብ ሕይወተይን አብ ሕይወት ካልኦትን ምሰፈነ። ንእግዚአብሔር ክንሰምዕ ሎሚ ጽባሕ ዘብል የብልናን ሕጂ አብዚ እዋን ኢና ክንሰምዕ ዘሎና። ንአምላኽ ጽባሕ ክሰምዓካ እየ አይብሃልን እዩ፥ ከምኡ እንተበልና ንጸጋ አምላኽን ንዕድመ አምላኽን ኢና እንነጽግ ዘሎና።

ድምፂ እግዚአብሔር ክንሰምዕ ከሎና ክንምልስ ግድን እዩ። አዳምን ሔዋንን ንዝተዋህቦም ለበዋ ስለ ዘፍረሱ ክሃድሙ ክሕብኡ እዮም ፈቲኖም። ንእግዚአብሔር ክሰምዕ ዘይደሊ መጀመርያ ዝገብራ ምህዳም ምኽዋል እንተ ኸአለ ኸአ ምጥፋእ እዩ። ዝተዓወተ መሲልዎ አብ ዝገደደ ጌጋ ይወድቕ ተስፋ ስለ ዝቖርጽ ዝገደደ ክፍአት እዩ ዝገብር። አዳምን ሔዋን ዝተዓወቱን ዝተኸወሉን መሲልዎም አብ ገነት ተኃብኡ። እንተ ኾነ ሕጂ እውን እግዚአብሔር ድምፁ ዓው አቢሉ ኦ ኣዳም ኦ ሔዋን አበሎኹም እናበለ ድምፁ አስሚዕዎም። ክኽወሉ ስለ ዘይክአሉ ድምፅኻ አብ ገነት ሰማዕኩ ጥራየይ ስለ ዝኾንኩ ድማ ፈሪሀ ተኃባእኩ ኢሉ መሊሱ። ንቃል አምላኽ ስለ ዘፍረሱ ጥርሖም ከምዝኾኑ ፈሊጦም ስለዚ ክሕብኡ ክኽወሉ ፈቲኖም። ካብ ድምፂ አምላኽ ዝሃድም ፍሪኡ ፍርኂ ስእነት ሰላምን ምጭናቕን እዩ።

ዮናስ ነብይ ንቃል ኣምላኽ ምስማዕ ኣብዩ ንምዕራብ ሃዲሙ ሳዕበኑ ኸአ ንርእሱን ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ኣብ ሓደጋ ኣውዲቖዎም። ኣብ ከርሲ ዓሣ ሰለስተ መዓልትን ለይትን ገሩ፥ ካብኡ ብተኣምራት ድኂኑ። ኣምላኽ ሕጂኸ ቃለይ ትሰምዕ ዲኻ ኢልዎ ሽዑ ተኣዚዙ ንሰብ ንነዌ ሰቢኹ ከም ዝንስሑን ካብ ምዓት ኣምላኽ ከም ዝድሕኑን ገርዎም። ንኣምላኽ ምስማዕን ዘይምስማዕን ኣብዚ ብንጹር ንርእዮ። ኣምላኽ ዝብለና ክንሰምዕ ከሎና ሕይወት እዩ ዝቕየር፥ ሰላም እዩ ዝመጽእ።

ሰብ እንታይ ምስ ኮነ እዩ ንድምጺ ኣምላኽ ምስማዕ ዝአቢ? ኣነ ከም ኣነ ምስማዕ ዝአበኽዎ ኣሎኒዶ? ከም ስድራ ከም ህዝቢ ምስማዕ ዝአበናዮ ኣሎናዶ? ኣበናይ ጊዜ ወይ እንታይ እንተ ገበርና ኢና ንኣምላኽ ምስማዕ ኣቢናዮ ክንብል እንኽእል። ኣምላኽ ብሰባት ገሩ ብልኡኻቱ ገሩ ከምኡ ኣብ ሕልና ብምዝራብ? ሕይወትና ክንቅይር፥ ተባኢስናዮ ምስ ዘሎና ክንዕረቕ፥ ሕማቕ ኣመል ወይ ልምዲ ክንሓድግ፥ ኣብ ሕይወትና ንሰባት ዕንቅፋት ካብ ዝኾነ ነገር ክንምለስ ድምጹ ይሰደልና ነዚ ምስ እንነጽግ ንድምፂ ኣምላኽ ንነጽግ። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ "እቲ ንኣኻትኩም ዝሰምዕ ንኣይ እዩ ዝሰምዕ፥እቲ ንኣኻትኩም ዝንዕቕ ድማ ንኣይ እዩ ዝንዕቕ፥ እቲ ንኣይ ዝንዕቕ ከአ ነቲ ዝለአኸኒ ዚንዕቕ" (ሉቃ 10፡ 16) እናበለ ንቃሉ ክንሰምዕ ንኣና ዝሓሸ ከም ዝኾነ ይገልጸልና።

ድምፂ ኣምላኽ ንጹር ኮይኑ እዩ ዝመጽአና። ንሙሴ ንጹር ብዝኾነ መጸዋዕታ እግዚኣብሔር ካብ ማእከል እታ ኣሻኽ ቁጥቋጥ ሙሴ ሙሴ እናበለ ጸውዖ (ዘፀ 3፡4)። እግዚኣብሔር ኣብ ጽምዋ ኣብቲ ዘሎናዮ ድምፁ የስምዓና። ልምምድ ስለ ዘይብልና ብዙሕ ጊዜ ንደናገር ንፈርሕ ንጠራጠር ኣብ ገለ ጊዜ ኸአ ሃተፍተፍ ኢለ ንብል እሞ ነቲ ዝመጸና ቃል ምስማዕ ንአቢ። እግዚኣብሔር ግን ደጋጊሙ ብቃሉ ብመንፈሱ ብምልክቱ ገሩ ይጽውዓና። ሙሴ ኣብ እምባ በይኑ እንከሎ እዩ ጸዊዕዎ ንዓቢ ተልእኮ ኸአ ሓርይዎ። ኣብ መጀመርያ ኣነ መን እየ ንደቂ እስራኤል ኣብ ቅድሚ ንጉሥ ቀሪበ ከውጽእ እናበለ ዝክአሎ ምኽንያት ከቕርብ ፈቲኑ። እንተ ኾነ እግዚኣብሔር ኣነ ምሳኻ ክኸውን እየ እናበለ ምልክት ትእምርት ሂብዎ። ንድምጺ ኣምላኽ ከይንሰምዕ ምስ ደለና ዘይንፈጥሮ ምኽንያት የብልናን። እግዚኣብሔር ግን ንመደቡ ክንገብርን ክንሰምዕን ብቐጻሊ ይነግረና።

ኢሳያስ ድምፂ እግዚኣብሔር ኣብ ሰማይ መላእኽቲ  ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ጎይታ ሰራዊ እዩ ኵላ ምድሪ ኸአ ብኽብሩ መሊአ ኣላ እናበሉ ክቀባበሉ ሰሚዑ . . . . ሽዑ እግዚኣብሔር ንመን ክልእኽ መንከ ክኸደልና እዩ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ ኣነውን እኔኹ ልኣኸኒ በልኩ (ኢሳ 6፡3-9) ዝብል ከም ዝሰምዐ ይነግረና። ኣምላኽ ክጽውዕ እንከሎ ክስማዕ ይደሊ።

ሓደ ካብቲ ኣብ ሉይ ኪዳን ብዛዕባ ድምፂ ኣምላኽ ዝዛረብ ናይ ሳሙኤል ነብይ እዩ።  እግዚኣብሔር ንሳሙኤል ደቂሱ እንከሎ ሰለስተ ጊዜ ጸዊዕዎ ልምምድ ምስ ድምፂ ኣምላኽ ስለ ዘይነበሮ ክርድኦ ኣይክአለን። ዔሊ ዝጸዊዕዎ መሲልዎ ተመላሊሱ። ዔሊ ሊቀ ካህና እግዚኣብሔር ይጽውዕ ከምዘሎ ስለ ዝፈለጠ ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ ተዛረብ በሎ እናበለ ነጊርዎ። (1ሳሙ 3፡4)። ኣብ ጥምቀት ጎይታን ኢየሱስ ክርስቶስ ድምፂ ምስተሰምዐ ምትሓት መሲልዎም ይብል። ንድምፂ ኣምላኽ ክተለሊ ምስኡ ልምምድ ክህልወካ ኣለዎ። ጳውሎስ ኣብ መገዲ ደማስቆስ ሳውል ሳውል ስለምንታይ ተሳድደኒ ኣሎኻ ኢሉ ምስ ሓተቶ ድምፁ ስለ ዘይፈለጠ መን ኢኻ ጎይታይ እናበለ ሓቲቱ። ንድምጺ ኣምላኽ ክንሰምዕን ክነለልን መጀመርያ ክንፈልጦ ኣሎና፥ ምስኡ ልምምድ ክህልወና ኣለዎ። ድሕሪኡ ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ ተዛረብ ክንብሎ ንኽእል።

ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብዙሓት ንድምጺ ኢየሱስ ሰሚዖም ዝሰዕብዎ ንርኢ፥ ንቀዳሞት ሓዋርያት ጴጥሮስን እንድርያስን ፡ኣነ ገፈፍቲ ሰብ ኽገብረኩም እየ ንዑ ስዓቡኒ በሎም፥ ብኡብኡ ድማ መርበቦም ኃዲጎም ሰዓብዎ (ማቴ 4፡19-20)። እዞም ቀዳሞት ኣርድእቲ ንኹሉ ዘለዎም ሓዲጎም ስዓብዎ። ብርግጽ ስድራ

ንብረት ከም ኩሉ ሰቦም ነርዎም እዩ እንተኾነ ንመጸዋዕታ ክርስቶስ ልዕሊ ኩሉ ስለ ዝረአይዎ ነግ ፈረግ ከይበሉ ስዒቦሞ። ኣነ እናጸውዓኒ ክሕድጎ ዝግብኣኒ እንታይ ኣሎኒ ንበል።

ኣብ ማር 1፡40-46 ሓደ ለምጻም ናብኡ መጺኡ ተምበርኪኹ ፍቓድካ እንተ ደአ ኾኑስ ክተንጽሓኒ ትኽእል ኢኻ እናበለ ለመና ይብለና። ኣብ ኣምላኽ መጺእካ ምኽኣል ሓደ ካብቲ እዚ ለምጻም እንመሃሮ እዩ። ደፊሩ ኣሚኑ ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ተደፊኡ ለሚኑ። እዚ ኹሉ እምነቱ እዩ ዝገልጽ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ካብ ለምጺ ዝኽፍእን ዘፍርሕን ሕማም ኣይነበረን። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ክልእኮም እንከሎ “ሕሙማት ኣሕውዩ ለምጻማት ኣንጽሑ” (ማቴ 10፡8) እናበለ እዩ ልኢኽዎም።

ፍቓድካ እንተ ኾይኑ ዝብላ ቃላት ፍሉይ ትምህርቲ ኣለወን። ኩሉ እንጽልዮ እንደልዮ ከም ፍቓድ ኣምላክ ክኸውን ኣለዎ ኣብ ጸሎትና እውን ከምቲ ኣብ ሰማይ ዝኾነ ኣብ ምድሪ እውን ፍቓድ ይኹን እናበልና ኢና እንጽሊ። ኣብ ገለ እዋን ድላይ ኣምላኽን ድላይናን ክሳነ ኣይክእልን ይኸውን ስለዚ ብስም ጸለና ኩሉ ንስማዕ ማለት ኣይኮነን። ገለ ሰባት ጸሎተይ ኣይተሰምዐን መልሲ ኣይረኸብኩን ኣምላኽ ኣይፈትወንን እዩ እናበሉ ዘማርሩ ንሰምዕ ኢና፥ እንተኾነ መገዲ ኣምላኽ ከም መገድና ኣይኮነን ስለዚ ኣምላኽ እቲ ዝሓሸ እዩ ዝመርጸልና ወላ ንሕና ክንርእዮ እንተ ዘይከኣልና። ስለዚ ከምዚ ለምጻም ጸሎትና ፍቓድካ እንተ ኾነ ኢልና ክንጽሊ ዝሓሸ እዩ።

እዚ ለምጻም ኣብ ኢየሱስ ድምጺ ኣምላኽ ክሰምዕ መጺኡ። ንገዛእ ርእሱ ድምፂ ኣምላኽ ክሰምዓሉ ኣብዝኽእል፥ ብቀሊል ክርከበሉ ኣብ ዝኽእል ገርዋ። እዚ ዓይነት ርክብ ንነፍሲ ወከፍና ተስፋ ይህበና። ጸርናዮ ዘሎና መንፈሳዊ ለምጺ ሒዝና ኣብ ኢየሱስ ክንቀርብ እንተ ከኣልና ንምሕረት ንሕድገት ኃጢኣትና ድልዋት ኢና። ኣብ ኢየሱስ ከይንቐርብ ድምጹ ቃሉ ከይንሰምዕ ዝዓግቱና ክህልዉ ግድን እዩ። ኣብ ዓለም ፈተና ዘደናግር ካልእ ድምጺ ክትሰምዕ ዝዕድም ውሑድ ኣይ ኮነን ስለዚ ምስትውዓል ይሓተና። እዚ ለምጻም ሕማሙ ኣብ ኢየሱስ ኮነ ኣብ ህዝቢ ክቐርብ ኣየፍቅደሉን እዩ ግን ብእኡ ኣይተዓግደተን፥ ነቲ ዝዓበየ ጸጋ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ርእዩ ስለ ዝኽእለ ከይፈርሐ እምነቱን ድላዩን ንኽእል ኩሉ ኣምላኽ ገሊጹ። ክትነጽሕ ድላየይ እዩ ተባሂሉ። እዚ እዩ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ዘድልየና ዘሎ።

እዚ ለምጻም ፍቓድካ እንተ ድኣ ኾይኑስ እናበለ እዩ ቀሪቡ፥ ኣብዚ እዩ ዘሎ እቲ በዳዒ እምነት። ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ኢየሱስ ምኧና እዚ ነቲ ዘሎና እምነት ይገልጽ። እግዚኣብሔር ዓሚቕ እምነትናን ሃረርታናን ይርኢ እዩ፥ ብመጠኑ ኸኣ ንሱ እውን ንዝበለጸ ነገር ሃረር ይብለልና። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን ኣብ ከምዚ ዝበለ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ ክንከውን ከሎና ነቲ ንኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ገተሰማኒ ዝገበሮ ብምሉእ ኣፍቓድ ኣብኡ ዘውረዶ ንሕና እውን ከምኡ ከም እንስተንትን ንኸውን። ከም ሙሴ፥ ሳሙኤል ጴጥሮስ እንድርያስ ከም ኩሎም ኣብ ኣምላኽ ዝኣመኑ ንሕና እውን ከምኡ ክንገብር ይግብኣና።

ንድምጺ ኣምላኽ ክንሰምዕ ክንመጽእ ከሎና ኣምላኽ ኩነታትና ብዘየገድስ ኣይሰጎናን እዩ። እዚ ለምጻም ኣብ ጥቓ ሰብ ክቐርብ ሕጊ ኣየፍቅደሉን እዩ፥ ከምኡ ሰብ ክትንክፎ ኣይክእልን እዩ፥ እንተ ኾነ ኢየሱስ ተቐቢልዎ ኢዱ ዘርጊሑ ተንኪዮ ፍቓደይ እዩ ንጻሕ ኢሉ ኣፋነዎ። ኣብዚ እንርእዮ ኢየሱስ ክሳብ ክንደይ ኣብ ከቢድ ጸገም ንዘለዉ ከምዘርጉ ድምጾም ሰሚዑ ከም ዘሕዊ ንርኢ። ዘሎናዮ ኩነታት ንኣምላኽ የገድሶ እዩ። ሓንትስ ንንስሓን ንምሕረትን ንበገስ እምበር ክሰምዓና ክምሕረና ብፍላይ ኣብ መንበረ ንስሓ ተምበርኪኽና ብኃጢኣትና ክንጥዓስን ምሕረት ክንሓትት ከሎና፥ እዚ ወደይ እዛ ጓለይ መይቱ/ታነሩ/ራ ሓውዩ/ያ፥ ጠፊኡ/እ ነይሩውን/ራውን ተረኺቡ/ባ እናበለ ብሕጉስ ገጽ ይቕበለና። ነዚ ኹሉ ኽንገብር ብምሉእ ቆራጽነትን እምነትን ክህልወና ይግባእ። ባህጊ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን።

ሓደ ካልእ ኣብዚ ናይ እዚ ለምጻም እንምሃሮ ኢየሱስ ነቲ ለምጻም ኢዱ ዘርጊሑ ተንከዮ ይብል። ኢድ ምዝርጋሕ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምውራድ እዩ ዘመልክት። ኣብ ምስጢራት ክንዕደል ከሎና ኣንብሮ ኢድ ይግበረልና እዚ ኸአ መንፈስ ቅዱስ ኣባና ክወርድ ዝግበር ጸሎት እዩ። ኣብ ግብሪ ሓዋርያት ከም እንርእዮ ቀዳሞት ክርስትያን ንሕሙማት ከሕውዩ፥ ጸጋ ዲቁና ክህነት ጵጵስና ክህቡ ከለዉ ዘዘውትርዎ ዝነበሩ ካብ መጀመርያ ልምዲ ቤተ ክርስትያን እዩ። ኣብ ግ.ሓ. 6፡6 ብዛዕባ ምሻም ሓደስቲ ድያቆናት ክነግር እንከሎ “ነዚኣቶም ኣብ ቅድሚ ሓዋርያት ኣቕረብዎም ንሳቶም ጸለዩሎም ኣእዳዎም ከአ ኣንበሩሎም” ይብል። እዚ ባህሊ እዚ ካብ ሕጂ ኣብ ቤተ ክርስትያን ይዝውተር። ኢየሱስ ነቲ ለምጻም ኢዱ ዘርጊሑ ተንከዮ ይብል። ኢየሱስ ክትንክየና እንከሎ ንሓዊ ንነጽሕ ንፍወስ። እታ ደም ዝፈሳ ዝነበረት ሰበይቲ ዘፍር ክዳኑ ምስ ተንከፈት ከም ዝሓወየት ኣብ (ሉቃ 8፡43-48) ይነግረና። ንብዙሓት ዕዉራት ሕሙማት ምስ ተንከፎም ይሓውዩ ነሮም። ሎሚ እውን ኣብ ምስጢራት ክንሳተፍ እንከሎና ጸጋ ኣምላኽ በቲ ዝተተንከፍናዮ ኣብ ሕይወትና ዓቢ ለውጢ የምጽእ። ንኣብነት ሓደ ክህነት ክቕበል እንከሎ በቲ ዝተቐበሎ ጸጋ ንማንም ህብስትን ወይንን ኣብ ሥጋን ደም ኢየሱስ ክልውጠሉ ዝኽእል ጸጋ ይቕበል። ብጸጋ ኣምላኽ ክንትንከፍ ከሎና ኣብ ሕይወትና ትሓድሶ ኣሎ።

ንድምፂ ኣምላኽ ኣብ ልቡ ዘሕደረ ምስማዕ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን ምስኡ ዝኸይድ ነገር ክገብር ኣለዎ። ኢየሱስ ነዚ ለምጻም ብቕጽበት ምስ ሓወየ ኺድ ርእስኻ ንካህን ኣመርምር ኢልዎ። ነቲ ስርዓት ዝሓቶ ከማልእ ነጊርዎ። ኣብዚ ስልጣን ፍቕሪን ጥበብን ብሓባር ኣብ ተግባር ንርኢ። ንሕና እውን በዚ መገዲ እዩ ክነብር ዝደልየና።

እቲ ህዝቢ ጽምኣታ ቃል ኣምላኽን ካብ ኩሉ ሕማም ክነጽሑ ይደልዩ ስለ ዝነበሩ ኢየሱስ ኣብዘለዎ ይኸዱ ነሮም። ምሉእ እምነት ገሩ ኣብኡ ዝቐረበ ካብ ሥጋውን መንፈሳውን ሕማም ይሓዊ ነሩ። ሎሚ ንሕና ምስ ሓመመና ኣበይ ንኸይድ? እምነትና ብቀዳምነት ኣብ መን እዩ። ኣብ ኢየሱስ እምነት ገርና ድሕሪኡ ኣብቶም ኢየሱስ ዝገለጻሎም ክንከይድ ዝበለጸ እዩ። እምነትና ኣብ ሰባት ገርና እንተ ኸድና እምነትና ጎደሎ እዩ። መጀመርያ ኣብ ኢየሱስ ክንቀርብ ኣሎና። ኣብቲ ንሱ ዝርከቦ ክንከይድ ይግብኣና። ሰንበት ሰንበት ኣብ መአዱ ክንሳተፍ ይግባእ። ኣብ ምስጢረ ንስሓ ኩሉ ጊዜ ክነዘውትር ይግብኣና።

እምብአር ንድምጢ ኣምላኽ ክንሰምዕ ነቲ ንሱ ብቤተ ክርስትያኑ ዝብለና ከምኡ ብቅዱስ መጽሓፍ ዝነግረና ተመሪሕና ሕይወትና ክንመርሕ ይግብኣና። ክንጥንቀቐሉ ዘሎና ድምጺ ይልመድ እሞ ትርጉሙን ጣዕሙን ይጠፍኣና እዩ ስለዚ ልምዲ ከየጥቅዓና ክንጥንቀቕ ኣሎና። ንቃል ኣምላኽ ሰሚዑ ዝኽኣለ ምስ ዳዊት መዘምር ኮይኑ “ቃላትካ እምብዛ ጥዑም እዩ ንኣፈይ ካብ መዓር ዝበለጸ ይምቅራ (መዝ. 119፡ 103) እዩ ዝዝምር። ሎሚ ንሕና ንቃል ኣምላክ ክነስተማቕር ክነስተንትኖ፥ ሕይወትና ክንመርሓሉ ሰሚዕና ንኽእል።

ነዚ የብቅዓና

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ